“ወተንሥአ እግዚኣብሔር ከመ ዘንቃህ እምንዋም”
“ሽዑ እግዚኣብሔር ከምቲ ካብ ድቃሱ ዝተንሥእ፡ ሰብ ተንሥአ።”
መዝሙር 78፥65

ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንስሙ ምስጋና ይኹን፡ ንድሕነት ዓለም ክብል ሥጋ ለቢሱ፡ ሰብ ኰይኑ፡ ኣብዚ ዓለም'ዚ ን33 ዓመትን 3 ወርሕን ተቐሚጡ ኢዩ። እቲ ዘበዝሐ ትምህርቱን ተኣምራቱን ደማ ድሕሪ ጥምቀቱ፡ ብጾም ዝጀመሮ፡ 3 ዓመትን 3 ወርሕን ዝፈጸሞ፡ ኣብ ቅዱስ ወንጌሉ ተጻሒፉልና ዘርከብ ኢዩ።

ጐይታ ዝፈጸሞ ተግባራት ኩሉ ካብ ዝውለድ፡ ክሣብ ዝስቀል፡ ተንሢኡ ክሣብ ዝዓርግ፡ ብሙሉኡ ብኣፍ ቅዱሳን ነብያት ጌሩ ገሊጽዎ ኔሩ ኢዩ። እዚ ከኣ ነቢያት በብዝገለጸሎም ገሊኦም ናይ ልደቱ፡ ገሊኦም ናይ ጥምቀቱ፡ ገሊኦም ሕማማቱ፡ ገሊኦም ስቕለቱ፡ ገሊኦም ትንሣኤኡ፡ ገሊኦም ዕርገቱ፡ ገሊኦምውን ናይ መንፈስ ቅዱስ ውህበቱ፡ ኣስፊሖም ተነቢዮምሉ ኢዮም። እዚ ከኣ ነቢይ ኣሞጽ፡ “እግዚኣብሔር ኣምላኽሲ ምሥጢሩ ንባሮቱ ነቢያት ከይገለጸሎም ገለ'ኳ ኣይገብርን ኢዩ” ከምዝበሎ ኢዩ። ኣሞጽ 3፥7። በዚ መሠረት ንዳሕራይ መሰኻኽር ዝኾኑዎን፡ ወንጌሉ ዝሰብኩን 12 ሓዋርያት መሪጹ ክምህር ከሎ፡ ሓደ መዓልቲ ኣብ ቂሳርያ፡ ሰብ መን ይብለኒ ይብሎም'ሞ ንሳቶም ከኣ ከምቲ ዝሰምዑዎ፡ ዮሓንስ መጥምቕ፣ ኤልያስ፣ ኤርምያስ፡ ወይ ሓደ ካብ ነቢያት ይብሉኻ በሉዎ፤ ንስኻትኩምከ ይብሎም፡ ጴጥሮስ ከኣ ንስኻ ክርስቶስ ወዲ ሕያው ኣምላኽ ኢኻ ኢሉ፡ እታ ሓቂ ይነግሮ። ጐይታ ድማ፡ “ንስኻ ጴጥሮስ (ከውሒ) ብፁዕ ኢኻ፡ መርሖ መንግሥተ ሰማያት ክህበካ ኢየ” ኢሉ፡ ሥልጣን ሰማይን ምድርን ከም ዝህቦ የተስፍዎ። ድሕሪ እዚ፡ እቲ ክመጾ ዘለዎ፡ ማለት ናብ ኢየሩሳሌም ምስ ደየቡ፡ ብዓበይትን ሊቃነ ካህናትን፡ መከራ ክቕበል፡ ብሣልሰይቲ መዓልቲ'ውን ከም ዝትንሥእ ይገልጸሎም'ሞ፡ ጴጥሮስ ከኣ ናይ ፈታዊ ኣዘራርባ ጌሩ፡ “ጐይታይ የድሕንካ እባደኣ፡ እዚ ነገር እዝስ ከቶ ኣባኻ ኣይውረድ ይብሎ።” ጐይታ ግን ግልጽ ኢሉ “ኪድ ካባይ ረሓቕ ሰይጣን” ኢሉ ክገንሖን ክቑጥዖን ንርኢ። ማቴ 16፥13-24።

እዚ መግናሕቲ'ዚ እምበኣር፡ ጴጥሮስ ሰይጣን ኰይኑ ዘይኮነስ፡ ብመንጽር ጴጥሮስ ንሰይጣን ካባይ ረሓቕ ክብል ኢዩ። “ናይ ሰብ እምበር፡ ናይ ኣምላኽ ኣይትሓስብን ኢኻ'ሞ ንዓይ መዓንቐፊ ኢኻ” በሎ። እዚ ኸኣ ጐይታ ዝመጸ ተሰቒሉ፡ ሞይቱ፡ ዓለም ከድሕን ኢዩ። ኣይትሰቕል፡ ኣይትሙት፡ ማለት ከኣ፡ ዓለም ኣይድሓን፡ ትንቢት ነቢያት ኣይፈጸም፡ ማለት ናይ ሰይጣን ድሌት ስለ ዝኾነ፡ ጐይታ ብቑጥዓ ክግስጾ ንርኢ።

ነዚ ስቕለቱን፡ ትንሣኤኡን፡ ደጋጊሙ ክገልጸሎም ድሕሪ ምጽንሑ፡ ንፋሲካ ሓደ ሰሙን ምስ ተረፎ፡ እዚ ሆሣዕና እንብሎ ሰንበት፡ ኣድጊ ተወጢሑ፡ ንኢየሩሳሌም ከኣቱ ኸሎ፡ ሕዝቢ ኢየሩሳሌም ብሙሉኡ፡ ገሊኦም ክዳውንቶም ኣብ መንገዲ እናንጸፉ፡ ገሊኦም ቈጽሊ ኣእዋም እናነስነሱ፡ “ሆሣዕና ንወዲ ዳዊት! ሆሣዕና ኣብ ኣርያም እናበሉ!” ብዓቢይ ክብሪ ተቐበሉዎ። እዚ ኸኣ ሥርዓት መንግሥቱ ኣርኣየ ኢሎም፡ ኣቦታትና ይገልጽዎ። ሥልጣን ከምዘለዎ ከርኢ ድማ፡ ኣብ ቤተ መቕደስ ኣቲዩ፡ ነቶም ኣብኡ ዝሸጡን፡ ዝሻየጡን፡ ዝነበሩ ሰጎጎም። “ቤተይ፡ ቤተ ጸሎት ክበሃል ኢዩ፡ ንስኻትኩም ግና፡ በዓቲ ጐሓሉት ገበርኩሞ” ኢሉ ገሰጾም። ማቴ 21፥1-14።

መራሕቲ ኣይሁድ፡ ነዚ ስልጣን'ዚ ምስ ረኣዩ፡ ቅንኣት መሊኡዎም፡ ጉባኤታት ብምክያድ ሰቒሎም ክቕትልዎ ወሰኑ። ጐይታ ኸኣ ንዕኡ ኢሉ ስለ ዝመጸ፡ ካብቲ ኹሉ ዝመጾ መከራን፡ ስቅያትን፡ ድሕር ኣይበለን። ንሓዋርያት ትሕትና ክርእዮም ኢሉ፡ ኣእጋሮም ሓጺቡ፡ “ንስኻትኩም ድማ ከምኡ ግበሩ” ኢሉ ብምእዛዝ፡ ቅዱስ ሥግኡን ክቡር ደሙን ቀሪቡ፡ ኩሉኹም ካብኡ ብልዑን፡ ስተዩን፡ ኢሉ፡ ምሥጢር ቍርባን ኣርኣዮም። መወዳእታ

እታ ዝተሓዘላ ጊዜ እናቐረበት ምስ መጸት፡ ፈተና ክረኽበካ ከሎ፡ ጸሎት ምሓዝ ከም ዝግባእ፡ ንክምህር፡ ጌቴሴማኒ ኣብ ዝበሃል ቦታ ኰይኑ፡ ደጋጊሙ ጸሎት ጸለየ። ንሓዋርያት ድማ "ናብ ፈተና ከይትኣትዉ፡ ጸልዩ" በሎም። (ንኹልና ኢዩ) እታ ዝተሓዘላ ሰዓት ምስ ኣኸለት ከኣ፡ ይሁዳ ጭፍራ ወተሃደራትን፡ ሊቃነ ካህናትን፡ ኣኸቲሉ መጺኡ፡ ብምስዓም ኣትሓዞ።

ሽዑ፡ "ነቲ ጓሳ ኽቕትሎ ኢየ፡ እተን መጓሰ ኣባጊዕ ድማ፡ ፋሕ ክብላ ኢየን" ዝብል ትንቢት ተፈጸመ። ዘካ 13፡7። ደቀ መዛሙርቱ ገዲፎሞ ሃደሙ፡ ንጐይታ ከኣ ሒዞም ኩሉ ዝደለዩዎ ዝኾነ ግፍዒ ፈጺሞም፡ መወዳእታኡ ኣብ መስቀል ሰቒሎም ቐተልዎ፡ ትንቢት ተፈጸመ። "ወገብረ መድኃኒተ በማእከለ ምድር" ኣብ ቀራንዮ ድሕነት ዓለም ፈጸመ።

ኣይሁድ ሰቒሎም ምስ ቀተልዎ ከም ሓደ ተራ ሰብ፡ ሞይቱ ዝጠፍእ ኢዩ መሲሉዎም፡ ጐይታ ግን ንኹሉ ሓይሊ ሞት ሥዒሩ ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ተጻሒፉ ከም ዝርከብ፡ ኣብ 3ይ መዓልቲ ተንሥአ። ኣብኡ ዝተፈጸመ ግፍዕን ስቅያት ስቓለትን ንድሕነት ደቂ ኣዳም፡ ምእንቲ ፍቕሪ-ሰብ ክብል፡ ብፍቓዱ ዝተቐበሎ ደኣምበር፡ ብሓይሊ ሰብ ከም ዘይኮነ ኩሉ ከስተውዕሎ ዝግባእ ምሥጢር ኢዩ። በዚ ኸኣ ናይቶም ዝሞቱ በኹሪ ትንሣኤ ኮነ። ከምቲ ሞት ብሓደ ሰብ ብኣዳም ዝመጸ፡ ትንሣኤ ሙታን ድማ፡ ብሓደ ሰብ ብክርስቶስ መጸ። ኸምቲ ኩላቶም ብኣዳም ዝሞቱ፡ ኩላቶም ብክርስቶስ ሕያዋን ክኾኑ እዮም፡ ዝበሎ ኢዩ። 1ይ ቆሮ 15፡20-23።

*<u>ክቡራን ሕዝበ ክርስቲያን፡</u>* እምበኣር ኣምላኽና ከምዚ ጌሩ ሥጋና ለቢሱ፡ ንዓና መሲሉ፡ ክንገብሮ ዝግብኣና ዝኾነ ኩሉ ምሂሩ፡ ብዘይካ ሓጢኣት በይና ኩሉ ሕጊ-ሰብ ፈጺሙ፡ ዝተበጀወና ኣምላኽ ኢዩ። እዚ ኩሉ ከኣ ፍጡራቱ ስለ ዝኾንና፡ ስለ ዘፍቕረና ጥራሕ እዩ። ንሕና ብዝገበርናዮ ግብሪ ጽድቂ ዘይኮነስ፡ ብምሕረቱ ኣድሓነና። ቲቶ 3፡5። ንሕና ድማ ነዚ ድሕነት እዚ፡ ነዚ ተበጃዊነት'ዚ እናዘከርና ኢና ዓመት መጸ፡ ኣርኣያ ንዝሃበና ጾም፡ ጾመ-ኣርባዓ ጸዊምና፡ ሰሙነ-ሕማማት ፍልይ ብዝበለ ጸሎትን ስግደትን ቀኒና፡ ነዚ ዓቢይ በዓል ትንሣኤ፡ ብዓቢይ ክብሪ ነብዕሎን፡ ነኽብሮን ዘሎና። ከምዚ ኢልና ኩልና ተኣኪብና ከነብዕልን፡ ከነመስግንን ዝፈቐደልና ድማ፡ ንሱ ባዕሉ ኢዩ'ሞ ልዕል ዝበለ ምስጋና ይብጽሓዮ።

እምበኣር ከምቲ ጳውሎስ ዝበሎ፡ "በቲ ኣብ ቅድሜና ተሓንጺጹልና ዘሎ፡ መቐዳደሚ ብትዕግስቲ ንጒየ... ናብቲ ናይ እምነትና ጀማርን፡ ፈጻምን ዝኾነ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንጠምት" ዕብ 12፡1-3። ጒያና ድማ በቲ ዝሓንጸጸልና መንገዲ፡ ምምልላስ፡ ማለት ትእዛዛቱ ምሕላው፡ ነንሓድሕድና ምፍቓር፡ ሃይማኖትና ምጽናዕ ኢዩ። ጻዕርኹም ብጐይታ ከንቱ ከምዘይኮነ ፈሊጥኩም፡ ጽኑዓት ዘይትነቓነቑ፡ ብዕዮ ጐይታ ኩሉ ጊዜ ምሉኣት ኩኑ (1ይ ቆሮ 15፡58) ይብለና ኣሎ'ሞ፡ ኩሉ ጊዜ ብዕዮ ጐይታ ሙሉኣት ኴንና፡ ክንነብር ቤተ ክርስቲያንና ሓደራ ትብል።

*ክርስቶስ ተንሢኡ ካብ ሙታን፡ ብዓቢይ ሓይል ወሥልጣን፡ ኣሰሮ ንሰይጣን፡ ናጻ ኣውጽኦ ንኣዳም፡ ሰላም፡ ካብ ሕጂ ንደሓር፡ ይኹን፡ ፍሥሓ ወሰላም።*

ቡሩኽ በዓል ትንሣኤ ይግበረልና። ደብረ ሰላም ቅድስት ማርያም ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ሽካጎ።

በዓል ትንሣኤ 12 ሚያዝያ 2006። (April 20, 2014)